## መራሒ ህግደፍ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡
## ዘይተለመደ መርድእ ቅድሚ ሞት ንኣምለኽቱ፡ ጭቡጥ ደገፍ ንደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ'ዩ

መበገሲ ዘይብሉ መደምደምታ የለን። መሰረቱ ዘይደልደለ ህንጻ ኣብ ሓጺር ግዜ እንተፈረሰ፣ ብጽቡቕ ስነ-ምግባር ተኾስኲሱ ዘይዓበየ ቆልዓ ካብ ባህልን ኣካይዳን ዝነብረሉ ሕብረተ-ሰብ ፍጮ  እንተወጽአ፡ ብፍጹም መን ከማይ ብሕሉፍ ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ዝተሃንጸ ፖለቲካዊ ስርዓት ንኻልኦት ለኻኺሙ ናብ ገምገም ውድቀት እንተምረሐ ክገርም ኣይክእልን። ህዝቢ ለኪሙ ናብ ውድቀት ዘምርሐ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ኣብ'ዚ መደምደምታ'ዚ ዝበጽሕሉ መበገሲ ምኽንያት ኣዳቒቕካ ምፍላጥን ካብኡ ክውሰድ ዝከኣል ትምህርቲ ምውሳድን ግን ኣገዳሲ'ዩ። ስለምንታይ? ሓደ እቲ ዝተበላሸወ ክዕረየሉ ዝኽእል ዕድላት እንተሃልዩ ሃሰስ ንምባል፡ ካልኣይ ብሽለልትነት ድዩ ብሕጽረት ተመሳሳሊ ጌጋ መታን ከይድገም።

ብበዓል ሞያ ዘይተቀየሰ፡ ኣብ ጽኑዕ ባይታ ዘይተሰረተን ንሓደ ህንጻ ዘድልዮ ቀረባት ብምልኣት ዘይረኸበን ህንጻ ለጣጢፍካ ብቕብኣ ማሕ ማሕ ከም ዝብል እንተገበርካዮ ከምቲ “እናጎየዩ ዝተዓጥቅዎ እናጎየዩ ይፍታሕ” ዝብሃል ብቐሊል ናብ ፍርስራስ ተቐይሩ ኣደዳ ዘይተሓስበ ክሳራ ክገብረካ ናይ ግድን'ዩ። ካብ ብህጻንነቱ ኣወንታዊ ታሪኽ ወለዱ ዝነብረሉ ሕብረተ-ሰብ፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ሜላ ኣነባብራ፣ ፍቕሪ መሃዝነት ስራሕ፣ ኣኽብሮት ንወለድን ምእዙዝነት ንሕግን ብግቡእ ክፈልጥ ከይተገብረ፡ ኣብ ህንጻት ግዳማዊ ተኸለ ሰብነት ዘትኮረ ምክንኻን ዝተብረሉ ቆልዓ፡ ኣብ ኣተሓሳስባኡ ካብ ትጽቢት ዝተገብረሉ ንታሕቲ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ እቲ ኣብ'ዚ ዘብጻሐ ጉድለት ብቐንዱ ናይ ወለዱ ወይ ኣለይቱ ደኣምበር ናይ'ቲ ህጻን ክኸውን ኣይክእልን።

ስለምንታይ ካብ መጀመርያኡ ኣብ'ቲ መሰረታዊ ነገር ማለት ህንጸት ውሽጣዊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ብልሕን ብስለትን ዘድሊ ጻዕሪ ስለዘይተገብረሉ። ኣብ መዳይ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ምስ እንመጽእ ድማ፡ ካብ መፈለምታኡ ልጓም በቲኹ ብደስ ዝበሎ ክኸይድ እንከሎ ዓገብ ዘይተባህለ  ፖለቲካዊ ውድብ፡ ደረጃ ዘብጻሖ ጥፍኣት ኣብ ጥርዚ በጺሑ ምስ መረረ ኣጻብዕትኻ ናብኡ ጥራሕ ምምልካት ምልኣት ኣይህልዎን። ብወጽዓ ህዝቢ ስለ ዝተዛረበ፡ ብግዳማዊ ቅርጹ፡ ብፍቶት ድዩ ብግዲ ብዙሓት ሰባት ኣብ ዙርያኡ ስለ ዘሰለፈ፡ ኣጽዋር ኩናት ስለ ዝወነነ፣ ብዓይነትን ብገንዘብን ስለዝሃብተመን፡ ብባህሪኡ ህዝባዊ፣ሓላፍነታዊ፣ ኣኽባሪ ህዝብን ሕግን ገይርካ ክትወስዶ ቅኑዕ ኣይኮነን። ካብ ግቡእ ንላዕሊ መን ከማኻ፡ ኩለንተናይ ንዓኻ እናበልካ ክትከናኸኖን መሰረታዊ ጌጋ'ዩ።

ብባህሪኦም ክብሪ ካብ ዘይግበኦም ዝኸበሩ፡ ስርዓታት ሓደ እዚ ንኤርትራን ህዝባን ዘዋርድን ዝብትንን ዘሎ መንግስታዊ ጉጅለ'ዩ። ቅድሚ ናብ ዝባኑ ዝቐልዐ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስያውን ናይ ጥፍኣት ሓይሊ ምስግጋሩ፡ ከም ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ምንቅስቓስ ካብ ዝጀመረሉ ኣትሒዙ፡ ኣብ ባህሪኡን ኣሰራርሓኡን፡ ነቲ ህዝቢ ዝጠልቦ ዝነበረ መሰረታዊ ነጻነታዊ፡ ሓርነታዊ ደሞክራስያዊ መሰላት፡ ክምልስ ከምዘይኽእል፡ ብኣንጻሩ ንሱ ንገዛእ ርእሱ ዝሽፍአ ዝጨከነ ጸላኢ ክኸውን ከም ዝኽእል ጭቡጥ ምልክታት ነይሩ'ዩ። ኣቐዲሞም ዝለበሙ ሓላፍነታውያን ደሞክራስያውያን ባእታታት፡ ክሳብ'ውን ምንቅስቓሳት ርሑቕ ጠሚቶም ኣመት ይህቡ ነይሮም'ዮም። ናይ ሓደጋ ደወል የስምዑ ነይሮም'ዮም። ርሑቕ ጠሚቶም ዝሓደሮም ስኽፍታ ብዓውታ ዝገለጹ፡ ተወዳዲቦም ክገርሕዎ ዝፈተኑን ንህዝቢ ዝሓበሩን ወገናት ከቢድ ናይ ህይወት ዋጋ ከፊሎምሉ'ዮም።

እንተኾነ ግን ዝበዝሑ ኤርትራውያን  ምውጋድ ቀዳማይ ጸላእን ምምላስ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነትን ደኣምበር፡ መሰረታዊ ደርባዊ ባህሪ ናይ'ዚ ጉጅለ፡ ንምድንጋር ዝጥቀመሉ ዝነበረ ሜላ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ተጋደልትን ዝፍጽሞ ዝነበረ ጨካን ኢ-ደ-ወነናዊ ስጉምትን ደረጃ ብደረጃ ናበይ ክምዕብል ከም ዝኽእል ቅኑዕ ኣገንዝቦ ስለ ዘይነበሮም፡ ከም ቅቡል ወሲዶም ኣጆኻ፡ መን ከማይኻ ብዝብል'ዮም ዘተባብዕዎ ነይሮም። ኣብ ኩናት ውዒሉ ክንደይ ኣጽዋርን ሰብን ማሪኹ ደኣምበር፡ እቲ ውድብ ዝምረሓሉ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን ዕላማን እንታይ ይመስል? ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ምሕደራኡን ስኒቱን'ከ?  ጉዕዞኡ ካበይ ናበይ? እቶም ወሰንቲ'ኸ በዓል መን'ዮም? ብኸመይ'ከ ናብ'ቲ ናይ ምውሳን ቦታ ደይቦም ግቡእ ትኹረት ዝወሃቦ ኣይነበረን። ጸይቑ ኣብ ክንዲ ዝግራሕ ካብ ውሑዳት ዘይኮኑ ግሩሃትን ስምዒታውያንን ብዝጀምርካዮ ቀጽል፡ ሰጋእ ኣይትበል፡ ኣይትሰከፍ

ኣብ ጎኒ'ኻ ኣለና ዝብል መተባብዒ ይረክብ ስለ ዝነበረ ሻዲኑ። ንሱ ዘይፈጠራ ክብርቲ ህይወት ደቂ-ሰባት፡ ብዘይብቑዕ ምኽንያት ከሳቚ፡ ከማስን፡ ከጥፍእ ሕጋዊ ፍቓድ ዝረኸበ ክሳብ ዝመስል ስረሐይ ኢሉ ተታሓሒዝዎ። ኣንጊሁ ካብ ሰብኣዊ መሰላትን ኤርትራዊ ሃገራዊ  ክብርታትን ፍጮ ወጺኡ። ብትዕቢት ሓቢጡ፡ ብደም ሰኺሩን። “ቆልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሕሱ” ከም ዝተባህለ ኮይኑ፡ ብኣጋ ከይተዓዛዘሮ ከሎ ብንቕሓት ስለ ዘይተመከተ፡ ኣብ ጉዳይ ህዝብን ሃገር ደስ ዝበሎ ስጉምቲ ክወስድ ሓንጎጎፋይ ኢሎም ዝቕበሉ ግሩሃት ኣምለኽቲ ኣፍርዩ።

ዝተናወሐ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ዘካየደን ክቡር ኩለ-መዳያዊ መስዋእቲ ዝኸፈለን ህዝቢ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ካብ ዝሓመቐ ኣገዛዝኣ ናብ ዝሓሸ ስርዓተ ምሕደራ ዝልወጥ፡ ግዳማዊ መግዛእቲ ኣባሪሩ፡ ብፍጹም ወሳንነት ናይ ሓደ ሰብ ብዝዝወር ካብ ሕብረተ-ሰብ ፍጮ ብዝወጸን ብደም ዝሰኸረን ናብ ዝኸፍአ ዘቤታዊ መግዛእቲ ተሰጋጊሩ። እዚ ብንእሱ ብህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣረኣእያን ኣሰርራሓን ዘይተቐርጠጠ፡ ብደም ዝሰኸረ መን ከማይ በሃሊ ጉጅለ፡ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ሓኲሩ። ካብ ዝለዓለ ክሳብ ዝተሓተ ቁጠባዊ መትንታት ሃገር ተቖጻጺሩ። እንታይ ክመስልን ክገብርን ከም ዝኽእል ብዘይካ ንኣምለኽትን ናይ ፖለቲካ ግሩሃትን ብሩህ'ዩ ነይሩ። ልዕሊ 25 ዓመት ኲናትን ወረ ኲናት፡ ስደትን ሞትን ብዘይተፈልዮ ፍጹም ብትምክሕቲ ዝተላዕጠጠ  ጨካን ምሕደራ ገዚኡ። ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብ27-28 ጥሪ 2017 ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ዝሰማዕናዮ ብሃለውለው ዝተሰነየ ፖለቲካዊ ኣሽካዕላል ከኣ መግለጺ ናይ'ቲ ካብ ዝፍጥር ኣትሒዙ ወኒንዎ ዝመጸ ልጓም ኣልቦ ስድነት ደኣምበር ሕጂ ዘማዕበሎ ሓድሽ ባህርያት ኣይኮነን።

ህዝብታት ኤርትራ ልኡላዊት ሃገር ዝውንኑ ልኡላዊ ህዝብታት'ዮም። ኣካል ኣምሳል ማሕበረ-ሰብ ዓለም ድማ'ዮም። መራሕቲ መንግስታት ከም ልሙድ ዝገብርዎ፡ ህዝብታት ብተመሳሳሊ ከም ልሙድ ዝጽበይዎ ጉዳይ መግለጺ ሓድሽ ዓመት፡ ኣብ ድሮ ወይ ኣብ ዕለቱ ምስማዕ'ዩ። ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ዝወሃብ መግለጺ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተሰርሐን ዘይተሰርሐን ኣብ ዝመጽእ ዓመት ክስራሕ ዝተታሕዘ መደባት መንግስትን ሓበሬታ ምርካብ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ግን ንህዝቢ ዘፍርሕ ደኣምበር ብህዝቢ ዝፈርሕ መንግስቲ ስለዘየለ፣ ኣብ'ዛ ሃገረ ሚሊዮናት ሓደ ሰብ ከም ደስ ዝበሎ ዝዕንድረሉ ኩነታት ነጊሱ። ሕጋዊ ተሓታትነትን ትካላዊ ኣሰራርሓን ስለዝበኾረ፡ ኣረጊት ዓመተ 2016 ተረሲዑ፡ ሓድሽ ዓመት ኣትዩ ሓደ ወርሒ ከቑጽር ሳልስቲ ምስተረፎ ብ27-28 ጥሪ 2017 ቃለ-መጠይቕ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2017 ተባሂሉ ቀሪቡ። እዚ ንገዛእ ርእሱ ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ዝፈጥርን ደረጃ ትዕቢት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኮለል ኣቢሉ ዘርእን'ዩ።

እዚ ካኣ ተጽዕኖ ዝፈጥር ህዝቢ ከም ዘየለ፣ ሕጋዊ ህላወን ፖለቲካዊ ህይወትን ዘለዎ ብትካል ደረጃ ዝግለጽ ህግደፍ ዝበሃል ውድብ ከም ዘየለ፣ ትርጉም ዘለዎ ካቢነ ሚኒስተራት ከም ዘየለ፣ ሩሕ ዘለዎ ፍርዳዊ ትካል ከም ዘየለ፡ ንመሰል ህዝብን ክብረት ሕግን  ዝከላኸል ሓይልታት ምክልኻል ዝበሃል ከም ዘየለ፡ ሃገር ከም ሃገር ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምሕረት ናይ ሓደ ሰብ ከም ዝወደቐት ብሩህ መረጋገጺ ነይሩ። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ እንኮ ሰባዊ ስርዓት ዝወደቐ ህዝቢ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዝርከብ እንታይ ዓይነት ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ህይወት የሕልፍ ከም ዘሎን ቃለ-መጠይቕ ናይ'ቲ ውልቀ መላኺ ከይተጸበኻ ንምግማት ኣየጸግምን።

ኢሳያስን ጉጅለኡን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት፡ ብፍላይ ከኣ ድሕሪ'ቲ ባዕሉ ብመሬት ይግበኣኒ ኣመኽኒዩ ምስ ኢትዮጵያ ዝወለዖ'ሞ ከቢድ ሰብኣዊ፡ ንዋታውን ሞራላውን ዕንወት ዘውረደ ዘይፍትሓዊ ኣብራሲ ኲናት፡ ምሉእ ንምሉእ ብስዕረቱ ምዝዛሙ፡ “መንግስቲ ኤርትራ ንሕውየት ብኲናት ዝተረመሰ ቁጠባ ሃገር ከቢድ ባጀት ሰሊዑ ብዘይዕረፍቲ ይረባረብ ኣሎ። ርኡይ ገስጋስ ምዕባለ ድማ የምዝግብ ኣሎ። ህዝቢ ብዝረኸቦ ናይ መነባብሮ ለውጢ ንመንግስቱ እናመስገነ ኣፎይ ኢሉ ውጽኢት ነጻነቱን መስዋእቲ ደቁን  ብልምዓት የስተማቕር ኣሎ። ይኹን ደኣምበር ዓይኖም ደም ዝመልኦም ኣብ ቀረባን ርሑቕን ዝርከቡ ጸላእትን ተጻባእትን ተዋዲዮም ይዕንቅፉናን ይጻብኡናን ኣለው። ዝገበሩ እንተገበሩ ግን፡ ንመንግስቲ ካብ'ቲ ቀንዲ ዕማሙ ዝኾነ መደባት ልምዓት ከጎናድብዎ ኣይኽእሉን። መንግስቲ ነገራት ካበይ ተበጊሱ ኣበይ ከም ዝዓርፍ ደቒቕ ኣፍልጦን ውህሉልን ተሞክሮ ስለዘለዎ፡ ካብ መስመሩ ወጺኡ ደድሕሪኦም ኣይከይድን። ዘይከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣብ መንጎ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘሎ ዝምድና ከም እምኒ ዓረ ዝተረረ ስለዝኾነ፡ ሃቐነኦም ምስ ከውሒ ተላቲምካ ምምላስ'ዩ” እናበለ ብዘይዕረፍቲ ክነብሕ ምጽናሑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ገለ ግዜ ከኣ፡ ነቲ በዓል ቤትን ወሳኒ ሓይሊ ልምዓትን ዝኾነ ህዝቢ ጎስዩ፡ ሓይልታት ልምዓት፡ መንግስቲ፡

ሓይልታት ምክልኻልን ሰብ ሃብትን'ዮም ኢሉ ንሰማዒ ዘስደመመ ወግዓዊ ጎስጓሳት የካይድ ምንባሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮ'ዩ።

ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ'ቲ ብ27-28 ጥሪ 2017 ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ ኣብ ዓመተ 2016 ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዝኾነ ትርጉም ዘለዎ ናይ ልምዓት መደባት ከምዘይተሰርሐ'ዩ ብወግዒ ኣሚኑ። ነቲ ልዕል ክብል ዝተገልጸ ኣብ ልምዓት ተጸሚደ ኣለኹ፡ ገስጋስ ምዕባለ የመዝግብ ኣለኹ፡ ህዝቢ ብዝረኸቦ ናይ መነባብሮ ለውጢ ሩፍታ ረኺቡ፡ ንመንግስቱ ኣመስጊኑ፡ ጸላእትን ተጻባእትን ግን ብዘመዝገብናዮ ቁጠባዊ ገስጋስ ቀኒኦም ክዕንቅፉና ይህቅኑ ኣለው። ግን ኣይክእሉን'ዮም እናበለ ንነዊሕ ዓመታት ደጋጊሙ ዘቃልሖ ዝነበረ ባዶ ምንባሩ ብብሩህ ኣረጋጊጹ። ኣብ ውሽጢ 25 ዓመት ብመጽናዕቲ ብውጥን ዝተጀመረን ኣብ መደምደምታ ዝበጽሐ መደባት ልምዓት ከም ዘይነበረ ከይተሰከፈ ሓቢሩ። ጸላእትን ተጻባእትን ዝዓንቀፍዎ መደባት ልምዓት ከም ዘይነበረ'ውን እግረ መንገዱ ኣሚኑ። “ባዕላ መውጽኢት ደርፌ ባዕላ መጥፍኢት ደርፌ” ከም ዝተባህለ ምስለ ኮይኑ። ኣብ ክስቶ ከም'ዚ ክግበር ተሓሲቡ ነይሩ፡ ገለ ተጀሚሩ ነይሩ፡ ንቕድሚት ክትግበር መደባት ተታሒዝሉ ኣሎ ወዘተ ዝብል ናይ ኣሸካዕላል መደረ ካብ ምሃብ ሓሊፉ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ከም'ዚ ዝበለ መደባት ሒዝና፡ ብክንድ'ዚ ባጀትን ግዜን ዛዚምና። ኣብ ረብሓ ህዝቢ ኣውዒልና ኢሉ ሓንቲ ኣብነት'ውን ከቕርብ ኣይከኣለን። ንሱ ኣብ ቃለ-መጠይቑ መብራህትን ማይን ካብ'ቶም ቀዳምነት ተዋሂብዎም ክፍትሑ ዘለዎም መሰረታዊ ጠለባት ህዝቢ ምዃኖም፡ ጸገም ቀረብ ኤሌትሪክን ማይን ብምልኣት ከይመለስካ ዝኾነ ይኹን መደባት ልምዓት ክካይድ ከምዘይኽእል፣ ብሰንኪ ሕጽረት ቀረብ ኤሌትሪክ ፋብሪካታት ስሚንቶን ጨርቃ ጨርቂ (ባራቶሎ) ደው ከም ዝበለ፡ ኣብ ገዛውቲ ናይ ዝበርህ ኣምቡል'ውን ጸገም ኣሎ ክብል መዲሩ።

ኣብ ሕርጊጎ 120 ሜጋዋት ዘመንጩ ሓይሊ ነይሩ፡ ምስተበላሸወ ስለዘይተዓረየ ግን፡ ሕጂ ብተግባር ተለጋጊቡ ብሃገር ደረጃ 70 ሜጋዋት'ዩ ዘሎ። ኣብ ከተማታት ኮነ ገጠራት ከቢድ ሕጽረት ማይ ኣሎ ክብል'ውን ገሊጹ። ጠለባት ሓይሊ ኤሌትሪክን ማይን ንምዕባለ ሓንቲ ሃገር መሰረታዊ ነገር'ዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ንኹሉ ዘዕግብ ቀረብ እንተዘይተመለሰ፡ ክሳብ ንምንባር ሓደጋ ዝኾነሉ፡ ቀረብ ሓይሊ ጸዓት ብሃገር ደረጃ 70 ሜጋዋት፡ ብመስኖ ሕርሻ ንምልማዕ ዘይኮነ፡ ንዝስተን መብሰሊ መግብን ሕጽረት ማይ ዘጋጠመሉ ምኽንያት፡ ካብ ኮነ ኢልካ ህዝቢ ንምስቓይን ንምድካይን ዝተገብረ መደብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ዘእምን ምኽንያት ክወሃቦ ኣይክእልን።

ህዝቢ ኤርትራ ህርኩት ህዝቢ'ዩ። ክፈል ዘዝተባህሎ ግብርን ቀረጽን ድማ ይኸፍል ኣሎ። ስቪል ይኹን ወተሃደር ብስማዊ ደሞዝ ይነብር ኣሎ። ጉጅላዊ መንግስቲ ብስም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብቢሊዮናት ዝቑጸር ሓገዛት ካብ ለገስቲ መንግስታት፡ ኣህጉራውያን ውድባትን ትካላት ረዲኤትን ይረክብ ኣሎ። ልኡኽ ናይ ገለ ርእሰ ሓላንን ዞባውያን ተወዳደርትን ኮይኑ ክሳብ ልኡላዊ መሬትና ብምክራይ ገንዘብ ይግሕጥ ኣሎ። ምስ ዝተፈላለያ ኩባኒያታት ዕደና ተሻሪኹ መዓድናዊ ሃብትና ይጉሕጉሕ ኣሎ። እዚ ኩሉ ምንጪ ኣታዊታት እናሃለወ፡ ኣብ ውሽጢ 25 ዓመታት ካብ ሃፋ (ጂኦተርማል) ካብ ንፋስን ጸሓይን ጠለባት መብራህቲ ክምልስ፡ ዓበይቲ፡ ማእከሎትን ናእሽቶን ዲጋታት ሰሪሑ ጠለብ ማይ ክምልስ ዘይፈተነሉ ምኽንያት ብዘይካ ዘይድሌት ካልእ መልሲ ኣይርከቦን።

ኣብ ትሕተ ቅርጺ፡ መዓርፎ ነፈርቲ፣ መጎዓዝያ ባሕሪ፣ መጎዓዝያ ምድሪ፣ መንበሪ ኣባይቲ ከቢድ ጸገማት ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ዝተበጋገሰ ነይሩ፡ ግን ኣይቀጸለን። መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣሪጉ'ዩ። ጸቢብ ስለ ዝኾነ ክሰፍሕ ኣለዎ። ኣብ ባጽዕ ዝተሰርሐ ኣሎ ግን ይሰርሕ የለን። ኣብ መጎዓዝያ ባሕሪ ዝኾነ ስራሕ ኣይተሰርሐን። ኣብ ውሽጢ'ዚ 25 ዓመት ከኣ ካብ ጸጋታት ባሕርና ኣይተጠቐምናን። መጎዓዝያ ምድሪ ኣይኮነን ሓድሽ ክንሰርሕ ነቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ዝተሰርሐ ተኾዓዊቱ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ኮይኑ ዘሎ'ውን ጽገና ኣይተገብረሉን። ናይ ዘመናዊ ማሕበራዊ መራኸቢታት ቀረብ ጸገም ኣሎ። መንእሰያት ብኣካልን ብስነ-ኣእምሮን ብቑዓት ንምግባር ገዚፍ ባጀት መዲብና ንሰርሕ ኣለና። ኣብ ዓመት ናይ 12 ክፍሊ ፈተና ካብ ዝወሰዱ ተማሃሮ 20% ናብ ኮሌጃት ክኣትው ብምግባር 10 ሽሕ ብዲፕሎማን ዲግሪን ነመርቕ ኣለና፡ ነጥቢ ዘይመጸኣሎም ከኣ፡ ስለዘይሰለጠ ባዕሉ ይፈልጥ ከይተባህለ ብዝተፈላለየ ሞያ ክስልጥኑ ንግበር ኣለና። እንተኾነ ግን ብ10 ሽሕ ዝቑጸሩ መንእሰያት ኣብ'ዛ ከተማ ዘውን ክብሉ ክትሪኢ እንከለኻ ትግረም፡ እንታይ ሰሪሖም ይነብሩ ኣለው፡ ካበይ ኣምጺኦሞ፡ ግዜኦም ኣብ ምንታይ የጥፍእዎ ኣለው

*እናበለ ድማ ይሓትት። ነቲ ንሱ ዝፈጠሮን ንሱ ድማ ዝሕተተሉን ናይ ቃላት መደረጋሕ ፈኒይሉ። ኣኽላባት ኣዋፊሩ፡ ከም ከልብን ሰስሓን ኣብ ሃደን መንእሰያት ተጸሚዱ ከም ዘሎ እናፈለጠ ክዋራዘ ፈቲኑ።*

*ብዝኾነ እቲ ቃለ-መጠይቕ ጀሚሩ ክሳብ ዝውድእ ሃለውለው'ዩ። ሓንሳብ መራሒ ሃገር፣ ጸኒሑ ተዓዛቢ፣ ተገልቢጡ መሃንድስ፣ ናይ ተክኒክ በዓል ሞያ፣ ገለ ግዜ ሓታቲ፣ ተገልቢጡ ተሓታቲ ብዝመስል ኣንፈቱ ዘይፍለጥ ዝተደዋወሰ ኣቀራርባ ባዶ ኣመራርሓኡ ንሃገር ባዶ ከም ዝገበራ ኣሚኑ። ከም መራሒ ግን ነዚ ዝኣመነሉ ባዶነት ይቕረታ ኣይሓተተሉን። ምልክት ሕፍረት'ውን የንጸባርቕ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ነቲ ኮነ ኢሉ ዝሰርሓሉ ዘሎ ናይ ኣድኪኻ ግዛእ ሕሱር ሜላ ካብ ነብሱ ከርሕቖን ንካልኦት ጸላእትን ተጻባእትን ኢሉ ዝገልጾም መንግስታት ከሰክሞም ክመጣጠር'ዩ ተሰሚዑ። ህዝብን መንግስትን ክፈላልዩ፡ እዛ ሃገር መንእሰይ ኣልቦ ክተርፍ'ሞ ከፍርስዋ፡ ኣብ ድኽነትን ሽግርን ክነብር ኣናጻርና ዘይተገብረ ውዲት የለን። ብዙሕ ተጻብኦታት'ዩ ገጢሙና። ሕጂ ግን ለቢምና ኣለና። ተማሂርና ኣለና። ዓለም ኣብ ትሕቲ ሓደ ቀጽሪ ኣእቲኻ፡ ፍኒሕኒሕ ንዝብሉ ገለ መዓገሲ እናገበሩ ነቶም ኣናሸቱ ዓቕሚ ዘይብልና ድማ ስቕ በል ኣታ ኢሎም እናገንሑ፡ ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ በርባዕቲኡ መኣዝን መጋበርያ ዝኾንዎም ስርዓታት ፈጢሮም ክገብርዎ ዝጸንሑ ሃቐነ ኣይሰርሐን። ፈሺሉ'ዩ። ዓለማዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ተቐይሩ'ዩ። ስለዚ ከኣ ከፍርሱና ኣይክእሉን እናበለ ዝጀመሮ ንመንግስታት ኮነ መራሕቲ ሃገራት እከለ ከም'ዚ ባህሪኡ ከም'ዚ ዓቕሙ፡ እከለ ፈሪሱ'ዩ ህልወ የብሉን ንዝሃረመ ይህረም ናይ ቃላት መደረጋሕ ዘይሰደደሉ የለን። ሓደ ጭቡጥ መልእኽቲ ናይ'ዚ ቃለ-መጠይቕ ኩሉ'ቲ መራሕቲ ህግደፍ መራኽቢታቶም ኣመለኽቶምን ገይርናን ንገብር ኣለናን እናበሉ ዝነብሕሉ ዝነበሩ መሰረት ዘይብሉ ባዶ ምዃኑ ባዕሉ ብልሳኑ ክረጋግጽ ምኽኣሉ'ዩ። እዚ ንዝሃረመ ይህረም ዝተፈነወ ናይ ቃላት መደረጋሕ፡ መጀመርያ ዘይተለምደ መርድእ ቅድሚ ሞት ንኣምለኽቱ ስለዝኾነ ክድነቕ ዝግባእ ነኑ'ዩ። ብካልኣይ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ብተዘዋዋሪ ዝቕበል፡ ንርእይቶ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ድማ ዝጠቅም ስለዝኾነ ድማ ካብ ዘይምግባር ምግባርካ ይሓይሽ ዘብል'ዩ።*

**ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊ ልሳን ደግሓኤ መጋቢት 2017 ቁ 16 ዝተወስደ**

**ብድምጺ ሰላምን ደሞክራስብ ኤርትራ** 29-03-2017